# ያታዊ መርዓ ብሔረ ብሊን

**Summary**

This article deals with the traditional way of engagement and marriage in the Blin ethnic group. The writer tries to describe the behavior of youngsters in this high moment of familiy life decision. Therefore, the author explains briefly the manner of choosing a wife for life and all the customary rites of marriage till they form an independent family.

## መእተዊ

ደቂ ሰባት ብጃንቋን ዝቕመጡሉ ቦታን ካልእ ረቛሒታትን ተፈላልዮም ኪነብሩ ከለዉ ነናቶም ዝኾነ ሥርዓትን ኣከያይዳን እናተኸተሉ ይነብሩ። እቶም ብሓደ ልሳን እናተረዳድኡ፥ ኣብ ዝተወሰነ ከባቢ ዝነብሩ ሕዝቢ በቲ ዘራኽቦምን ዘሰማምዕምን ኣከያይዳ ሕይወት ተኣሳሲሮም፡ ሓደ ሓሳብ ብምኺን ብሓድነትን ስምረትን ይነብሩ። እዚ ኣነባብራኦም ድማ ከም ባህሎምን ሥርዓቶምን መለለዪኦም...ኮይኑ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ይሰጋገር።

ኣብዚ ዝሰዕብ ጽሑፍ ከስ ብዛዕባ ናቱን መለለዪኡን ዝኾነ ቋንቋን ባህልን ዘለዎ ሕዝቢ *ብሔረ ብሊን* እቲ ያታዊ ዝኾነ ኣገባብ መርዓ ከመይ ከም ዝመስል ክንምልከት ኢና። እዚ ያታዊ ኣገባብ መርዓ'ዚ ቅድሚ 20 ዓመት( ቅድሚ 1980 ዓ,ም.ፈ.) ዝነበረ ኣገባብ መርዓ ብኸመይ ይፍጸም ከም ዝነበረ ገለ ጽሑፋት ኣንቢበን ዓበይቲ ሰባት ተወኪሰን ኣቕርቦ ኣሎኹ።

### ሀ.መንእሰያት ብሊን(ኣዋልድን ኣወዳትን)

መንእሰያት ብሊን ኣወዳትን ኣዋልድን ካብ ግዜ ጉብዝናኦም ክሳብ ግዜ ሕጸን መርዓን ዘሎ እዋናት ብዙሕ ናይ ኣተሓሳስባን ኣዘራርባን ኣከያይዳን ኣመለኻኽታን ለውጥታት የርእዩ።[1] ኣብ መንነ ወድን ጓልን ዝረአ ምድልላይ ባህርያውን ኣብ ኩሉ ዝረአን ደኣ ይኹን እምበር ኣብ ብሔረ-ብሊን ፍልይ ዝበለ መልክዕ ነይርዎ። እዚ ከኣ ካብ ኣተዓባብያ ኪኸውን ይኽእል፡ ማለት ካብ ናኣሽቱኦም ኣትሒዞም ብሓንሳእ ይወፍሩን ይጻወቱን፥ ኮታስ ከም ኣኀዋት ብዘይ ምፍልላይ ስለ ዝዓብዩ ክኸውን ይኽእል፣ ከምኡ'ውን ምናልባት ናብ ጌጋ ዘምርሕ ኩነታት ክፍጠር ከሎ ጓል ኣንስተይቲ ነቲ ደሓር ብምሉእ ኀብረተሰብ ክወርዳ ዝኽእል ተነጽሎን ምግላልን ኣብ ግምት ብምእታው "ድኽምቲ ምኺነይ ተረዳእ፥ ኃውትኻ ምኺነይ ኣይትዘንግዕ" ዝብል ቃላት ምስ ኣፍሰሰትሉ፡ እቲ ወዲ ብወገኑ ነዚ ኩሉ ሓሲቡ ስምዒቱ ብምግታእ "ሓቦ ክብል ኣሎኒ" ብምባል፥ ኣብ ስሕታን ከይወድቁ ብኽልቲኦም ጾታ ዓቢይ ጥንቓቐ ስለዝግበር፡ ቅድሚ መርዓ ዳርጋ ብዙሕ ዘሰክፍ ጸገማት የጋጥም ኣይነበረን።[2]

ጓል ኣንስተይቲ ካብ ቍልዕነታ ጀሚራ ብነኣሽቱ ናይ ገዛ ስራሕ ጀሚራ ኣጣል ኣብ ምጉሳይ ትበጽሕ። ዓቕመ ሔዋን ምስ በጽሐት፡ ስውነታ እናፈርዘነ ብዝኸደ ግና በረኻ ምውፋር ተቋርጽ፥ ኣብ ከባቢ ገዛ ምውዓል ደስ ይብላ፥ ማይ ትወርድ፡ ዕንጸይቲ ተወፍር፡ ነዲኣ ድማ ኣብ ናይ ገዛ ስራሕ ትተሓጋገዛ። ምስ መሳቱኣ ምዕላል ተብዝሕ። ክራማት ክመጽእ ከሎ ድማ እታ ጓል ኣብ ሕርሻ ዓቢይ ኣበርክቶ ትገብር፡ ትጽሂ፥ ትኸስኩስ፡ ትውንጭፍ፣ ብግዜ ቐውዒ ድማ ኣብ ምብታኽ እኽሊ ትወፍር። ኮታስ ኣይትሓልብን ኣይትሓርስን እምበር ኣብ

ኩሉ ዓይነት ስራሕ እኻማ ተበርኪት። ከምዚ ኢላ ጽቡቕ ክትንቀሳቐስ ጸኒሓ ምስ ተመርዓወት፡ ኣብ ክቢድ ናይ ጥዕና ጸገም ትወድቕ፡ ምኽንያቱ ከኣ እቲ ጽቡቕ ክሰርሕ ዝጸንሐ ሰውነታ ስለዝእሰር። ወዲ ተባዕታይ ብወገኑ ካብቲ ዝተሓተ መሓስእ ምሕላው ጀሚሩ ናብ ዝኸበደ ስራሕ እናተሰጋገረ ኣብ ናይ ኣቡኡ ሓላፍነት ምስካም ይበጽሕ።[3]

ኣብ መንእሰያት ብሊን ሓደ ፍሉይ ባህርን መለለዩኦምን ዝኾነ ተርእዮ ኣሎ፣ እዚ ከኣ ሕሉፍ ዝኸነ ፍቕሪ ናይ ጓይላ እዩ። ደቂ ብሊን ጓል ትኹን ወዲ ኣብ ግዜ ጉብዝና ጓይላ ብጣዕሚ እዮም ዝፈትዉ። ካብ መግቢ ካብ መስተ ....ጸወታ ዝመርጹሉ እዋን እሰዎም። ዓይኖም ሰለም ከየበሉ ኣከታቲሎም ለይትን መዓልትን ኪጻወቱን ሂር ናይ ምባል ድሌትን ተኽእሎን ኣለዎም። ድምጺ ከበሮ ኪሰምዑ ከለዉ ሓጹር ረጊጾም ኣእማን ዘሊሎም ኣብታ ጸወታ ዘላታ ቦታ ደበኽ ይብሉ። በትሮም ንላዕሊ ወጥዊጦም ድማ ኮሪዮም ናብ ጸወታ ይኣትዉ፣ ሽዑ ብዛዕባ ጉድልንቶም ክትዛረብ የብልካን፡ ምኽንያቱ ኣብ ቅድሚ እትፈትዎም ወይ'ውን ኣብ ቅድሚ ዝኾነት ጓል ኣንስተይቲ ብሕማቕ ኪለዓሉ ስለዘይደልዩ...እዩ። እንተዘይኮይኑ ምኽንያት ዕግርግርን ባእስን ኪኸውን ስለ ዝኽእል ብዙሕ ጥንቃቔ የድሊ። ብዛዕባ ጓይላ ኣልዒልካ ክሕለፍ ዘይግብእ ሓደ ነጥቢ እውን ኣሎ፣ እዚ ከኣ ኣብ ዝተፈላለዩ ባህልታትን ልምድታትን እንተ ተመልከትና ኣብ ገሊኡ ከበሮ ብኣወዳት ጥራይ ዝህረም፡ ኣብ ገሊኡ ድማ ብኣወዳትን ብኣዋልድን ....ክንዕዘብ ንኽእል። ኣብ ብሔረ ብሊን ግና ከበሮ ብኣዋልድ ጥራይ እዩ ዝህረም። ወዲ ከበሮ ክሃርም ዳር.ጋ ዘይሕሰብ እዩ። ኣብ ሓንቲ ፍልይቲ ኣጋጣሚ ጥራይ እዮም ኣወዳት ከበሮ ባዕሎም እናሃረሙ ዝጻወቱ፡ እዚ.ኣ ከኣ ኣብ ሰሙን ናይ ዕርክነት ኣዕሩኽ መርዓዊ ሒዞም ክሕጸቡ ንሩባ ክወርዱ ከለዉ ጥራይ ባዕሎም ከበሮ እናሃረሙ ይጻወቱ። ካብዚ ወጻኢ ኣዋልድ ዘይብሉ ጸወታ የልቦን። ኣወዳት ኣብ ጸወታ ምስ ዝርብሹ ኣዋልድ ከበሮ ደርብየን ይኸዳ፣ እቲ ጸወታ ድማ ይብተን። እቶም ኣወዳት ኪጻወቱ ምስ ዝደልዩ ነተን ኣዋልድ ይልምንወን፣ ኪግድድወን'ውን ይኽእሉ። እዚ ከስ ደቀንስትዮ ኣብ ጸወታ እተን ቀንዲ ተዋሳእቲ ምዃነን እዩ ዘርእየና።[4]

ለ. ኣገባብ ሕጸ (ሕጨ)

ስድራ ወዲ ወይም ዓቕመ ኣዳም ምስ በጽሐ፡ ወድና ሎምስ ክንድስብ ኣኺሉ እዩ እሞ ጓል ሰብ ንድለየሉ ብምባል፡ ኣብ ዓጽሚ፡ መልክዕ፡ ኣብ ጠባይ፡ ኣብ ሃብቲ ... ብምምርኳስ ንሓንቲ እዚኣስ ትኾኖ እያ ዝበልዋ ይመርጹሉ። ገለ ገለውን ብዕርክነት ናይቶም ወለዲ፡ ማለት ጓል እንተ ወሊድካ ንወደይ ወዲ እንተ ወሊድካ ንጓለይ ኢሎም መብጽዓ ብምእታው ዝፍጸም መርዓ እውን ነይሩ። ኣብዚ ስድራ ወዲ መርዓ ኪሓቱ ምስ ደለዩ ኩሉ ግዜ ኣቦ ወዲ ሓደ መንጎይና (መንጎራ) ብምልኣኽ፡ እቲ መንጎይና ድማ ናብ እንዳ ጓል ከይዱ "እገሌ ዓጽምኹምን መውስቦኹምን ስለዝደለየ ናባኹም ልኢኹኒ" ብምባል ብዝከኣሎ ሕራይ ክብሎም ዝጽዕርን ዝልምንን ንሱ እዩ። ኩሉ ግዜ እቲ ናይ እንዳ ወዲ ጽቡቕ ጕድንታት እናኣመልከተ ከእምኖምን ሕራይ ክብሉ-ምን ክይተሓለለ ይጽዕር። ርኽብ ኣይትሰኣን ዝብል ጥዑም ምላሽ ካብ እንዳ ጓል ምስ ረኸበ ድማ ተሰማሚዖም መዓልቲ ሕጸ ይቋጸሩ።

መዕልቲ ሕጸ እንዳ ጓል ንእንዳ ወዲ ብወግዒ ትብጸሕኩም ዝብሉላ መዓልቲ እያ። እንዳ ወዲ ድማ ብወግዒ ተቐቢልናያ ኣሎና ዝብሉላ ዕለት እያ።[5] ኣብ መዓልቲ ሕጸ እንዳ ወዲ ናብ እንዳ ጓል ሒዞም ዝመጹ ፍሉጥ ነገራት እዚ ዝስዕብ እዩ፤ 12 ሜትሮ ጻዕዳ ዓለባ፡ 12 ርብዒት እኽሊ('ዕቤላ' ይበሃል)፡ ከምኡ'ውን ኣቦ ወዲ ካብቲ ደሓር ክህቦ ዝግባእ 4 ኩንታል እኽሊ(5 ገበታ)ከም ዓቕሙ ሒዙ ይመጽእ። ከምኡ'ውን ክዳን ሓማውቲ ተባሂሉ በብቕርሺ ፡ በብ50 ሳንቲም ...ሒዞም ይመጹ።[6] ቁጽሪ ናይቶም ነዚ ሒዞም ዝወፍሩ ከስ መብዛሕትኡ ግዜ 7

ሰብኡት ኮይኖም እዮም ዝወፍሩ። 4 ካብ እንዳቡኡ፣ 3ድማ ካብ እንዳንኡ ብሓንሳእ ይወፍሩ።[7] እንዳ ጓል ብወገኖም ተዳልዮም ጸኒሖም ቕድሚ ናብ ዳስ ምእታዎም ወይ ድማ ናብ ቲ ዝተዳለወሎም ዘእንግድዎም፣ ተቐቢሎም ኣብ ቃልዕ( ቅርዓት) ክቢ ዘለዎ ኣቐማምጣ ኮፍ ይብሉ፣ ንቲ ዝተማልእዎ ጻዕዳ ነጸላ ኣብ ምእከል ከም ምልክት ብርሃንን ሠናይ ትምኒትን ኣብ ማእከሎም ይዝርግሕዎ።[8] ብኸቢ መልክዕ ኮፍ ክብሉ ከለዉ ክፉት ቦታ ኪትርፍ የብሉን'ሞ ወላ ንእሽቶ ቖልዓ ኣቐሚጦም ክመልእዎ ኣለዎም። ሽዑ እቲ መንጎይና (መንጎራ) ኣብ ማእከል ደው ኢሉ ብብእንዳኦም እናጸውዐ፣ ንእንዳ ጓል "እዞም እንዳ እገሌ መውስቦኹምን ዓጽምኹምን ደልዮም መጺኦምኹም ኣለዉ" ይብሎም። ካብ እንዳ ጓል ድማ "መርሓባ እንቋዕ ደሓን መጻእ፣ ንሕናውን ተሓጒስና ንቕበሎም ኣሎና" ይብሉ። ሽዑ ብወገን እንዳ ጓል እቲ ናቶም ሕጊ ዝፈልጥ ክማልኡ ንእንዳወዲ ይነግርዎም። "ሰመይ" ተባሂሉ ከኣ ይጽዋዕ። ሰመይ መብዛሕትኡ ግዜ 5 ኩንታል እኽልን ኣብ ዝተፈላለየ እዋን ዝወሃባ 13 ክብትን(ኣብ ዝተፈላለየ እዋን ዝወሃባ) የጠቓልል። ብድሕሪ እዚ እቲ መንጎይና (መንጎራ) ተንሲኡ ንእንዳ ጓል "ነዛ እገሊት ጓልኩም ንእገሌ ሂብኩማዶ? (3 ግዜ)" እናበለ ይሓቶም። ንሶም ድማ "እወ ሂብናያ(3ግዜ)" እናበሉ ይምልሱ። ቀጺሉ ንእንዳወዲ "ነዛ እገሊት ንእገሌ ወድኹም ተቐቢልኩማ ዶ (3 ግዜ)" እናበለ ይሓቶም። ንሶም ድማ "እወ ተቐቢልናያ (3 ግዜ)" እናበሉ ይምልሱ። እዚ ምስ ፈጸሙ ብስም እግዚኣብሔር ከምዚ እናበለ የምሕሎም፣ "ኛር ማእኰት ኣኸን ማ ?(3ግዜ)" ኢሉ ይሓቶም። ብሓባር ድማ "የዋ ኛር ማእኰት ኣኸኒ(3ግዜ)"። ትርጉሙ ድማ "ናይ እግዚኣብሔር ቃል ዶ ይኹነልና ?" ኢሉ ምስ ሓተተ "እወ ናይ እግዚኣብሔር ቃል (እምነት) ይኹነልና" እናበሉ ይምልሱ።[9] ቀጺሎም ካብ'ቲ ኣብ ማእከሎም ዘሎ ጻዕዳ ነጸላ ፈትሊ ወሲዶም ኣብ ሮማዲ ይኣስርዋ እሞ ናብ ኩሎም እናኣዘዋወሩ ቱፍ ቱፍ ቱፍ...እናበሉ "ሠናይ መዓልቲ ይግበረልና" ኢሎም እና መረቑ የዙርዋ። ሽዑ ካብ ኣቦ ወዲ ነቦ ጓል ትወሃብ። እዚ ከኣ "ከም ሮማዲ ክስፋሕፍሑን ርሑሳት ክኾኑን" ዝብል ጽቡቕ ትምኒት እዩ።[10] ብድሕሪ እዚ ናብ ዳስ የእትውዎም እሞ ናይ ጽቡቕ ፋል ምልክት ተቐዳዲሞም ጸባ ይቕርቡሎም። ብድሕር'ዚ እንዳወዲ ንእንዳ ጓል ንሰብኡትን ኣንስትን ከም ዓቕሞም ይኸድኑ፣ እዞም ዝተኸድኑ ክስ ኣብ ግዜ መርዓ ዕጽፊ ገይሮም ይመልስዎ። ምስ ተመስሐ ድማ ኣብቲ ሒሳብ 5 ቅርሺ "ግባሩ" ኣንቢሮም ንዓዶም ይምለሱ። ኣብ ገለ ገለ ቦታት ግና ናብ እንዳ ጓል ምስ በጽሑ ኣብ ቕርዓት ኮፍ ከይበሉ ትኽ ኢሎም ናብ ዳሶም ዝኣትዉ ኣለዉ። ብኸምዚ ክስ ሥርዓተ ሕጸ ይፍጸም።

ድሕሪ ሕጸ ሓንቲ ሕጽይቲ ካብ'ቲ ዕለት'ቲ ጀሚራ ሽም ሕጹያ ክኑ ኣበሓጎታቱ፣ ሓወቦታቱ፣ ኣሞታቱ፣ ቅድሚኡ ዝተመርዓዋ ወይ ዝተመርዓው ኣሓቱ ...ብሽሞም ኣይትጽዕን ከምኡ'ውን ካብ ሰብኣዮን ካብ ቤተሰቡን ክትሕባእ ትሕዝቲ እያ። ሕጹያ ኣብ መንገዲ ክኑ ኣብ ዝኾነ ቦታ ረኺቡዋ እንተ ዘይተሓብኣት ክሃርማ ይኽእል ነይሩ።

ሐ· መትሉ

ድሕሪ ሕጸ ዝመጽእ ያታዊ ሥርዓት "መትሉ" ይበሃል። እዚ መትሉ ዝበሃል ከም ገዝሚ ዝመሳሰል ሥርዓት እዩ። እንተኾነ ግን ከምቲ ኣብ ከበሳ( ብሔረ ትግርኛ) ዝዝውተር ገዝሚ ዝህብ ኣቦ ጓል ኣይኮነን፣ ኣብ ብሔረ ብሊን ኣቦ ወዲ እዩ ክብቲ ዝህብ። እዚ ሥርዓት እዚ ክስ እቦ ወዲ ናብ እንዳ ጓል መንጎይና ልኢኹ፣ በዚ መዓልት'ዚ ምጹኒ ይብሎም። ዝጥዕሞምን ዘይጥዕሞምን ሓሲቦም ድማ እንዳ ጓል ወይ ሕራይ ይብሉ ወይ'ውን ካልእ ዝጥዕሞም ዕለት ረቒሖም በዚ መዓልት'ዚ ይጥዕመና ኢሎም ይልእኩሎም።

እንዳ ጓል ዝግብኦም ክወስዱ ብድሮ

እዮም ኣትዮም ዝሓድሩ። ናይ ምሸት ካብ ሰዓት 4:00 ንደሓር ኣማስያኦም ይኣትዉ። ናብ እንዳ ጓል ክኸዱ ከለዉ እቲ ዝግብኦም ክወስዱ ደኣምበር ሒዞሞ ዝኸዱ ነገራት የብሎምን። እንዳወዲ ድማ ብዝግባእ ተዳልዮም ኣዴታት ድማ ብዕልልታ ይቕበልዎም። ተቐቢሎም ድማ ኣብ ስሉም ዳስ የእትውዎም። እቲ ሽዑ ዝኸበረ ጋሻ ኣቦ ጓል(ሕጽይቲ) እዩ። ጽቡቕ ዝተነጽፈ ዓራትን ሠለስተ መናብርን(ቂጦራ)፡ ምሸት ቅድሚ ምድቃሶም ድማ ካብ ሠለስተ ሔማታት ነጸላ ወሲዶም ኣብቲ ዓራት የንብሩሎም። እቶም ኣጋይሽ ከስ ናብቲ ዝተቀረበሎም ገዛ ምስ ኣተዉ ባዕሎም ንባዕሎም ብዕድመ እንገሌ ይዓቢ ብምባል ኣብቲ ዝተቐረበሎም መናብርን ካልእ ዝተቐረበ ክፍ መበልን ይቕመጡ። እንዳወዲ ድማ ብዝግባእ የድርርዎም፡ ከዋግዑ ድማ የምስዩ። ግዜ ድቃስ ምስ በጽሐ ድማ መዳቕሶኦም የትሕዝዎም። መሬት ምስ ወግሐ ካብ ገዛ ወጺኦም ርሕቕ ኢሎም ይዛተዩ፡ ማለት ካብተን ክወሃበኦም ዘለወን ክብቲ ክንደይ ክወስዱ፡ ንመን ከ ክኸድኑ፡ ክንደይ ከ ክሓድጉ...ተዛትዮም ይምለሱ። እንዳ ወዲ ድማ ነትን ክብቲ ኣብ ቅድሚኦም የምጽእወን። እንዳ ጓል ድማ ብመጀርያ ነቦ ወዲ ስለ'ቲ ዝዝበረሎም ጽቡቕ ሓንቲ ላም ይኸድንዎ፡ ሓንቲ ነተን ዝተቐበላኦም ኣዴታት፡ ሓንቲ ድማ ንዝደልይዎ ከደ.ኖም፡ ሓንቲ ንጓሎም ኢሎም ኣብኡ ይሓድጉዋ፡ (እዛ ላም'ዚኣ ክርሚ.ሪ ወይ ሽማሙትሪ ትብሃል።) ዝተረፋ ክልተ ክብቲ ሒዞም ድማ ንዓዶም ይምለሱ(ረብዒዲ ጀጅዲዲ ይበሃላ።)በዚ ድማ ሥርዓት "መትሉ" ይፍጸም።

ድሕሪ "መትሉ" ኣብ ዘሎ ግዝያት ኣቦ ወዲ ገለ ሰባት ኣኸቲሉ ማይን ጸባን ሓዋዊሶም ናብ እንዳ ጓል ይበጽሑ። እዚ ድማ "ክም ማይን ጸባን ይሓዋውሰና" ዝብል ናይ ጽቡቕ ፋል ምልክት እዩ። ካብዚ ጀሚሩ ኣቦ ወዲ መርዓ ሃቡኒ ኢሉ ይልምን። ሕራይ ክሳዕ ዝብልዎ እናተመላለሰ ድማ "ኣነ ኣባኹምን ኣብ እዝግን ኣሎኹ፡ ከምቲ ኣቐዲምኩም ዝሐጐስኩምኒ ሕጂ'ውን ብርሃን ወደይ ኣርእዩኒ" እናበለ ክይተሓለለ ይልምን። ንክልቲኦም ወገናት ብዝጥዕም መዓልቲ ድማ መዓልቲ መርዓ ይቋጸሩ። መዓልቲ መርዓ ምስ ተወሰነ ወርሒ ክተርፎ ከሎ ኣቦ ወዲ ቡቕሊ ኣንብር ኣሎኹ(ቡኩር ገምድኖማን) እሞ ቡቕሊ ኣንብሩ ኢሉ ልኡኽ ይሰደሎም። እንዳ ጓል ድማ ሕራይ ጽቡቕ ኢሎም በብወገኖም ንመርዓ ዘድሊ ይቕራረቡ። ሕጽይቲ ብወገና ኣብዚ ግዜ'ዚ መርዓ ወርሒ ምስ ተረፎ ናብ ኣዝማዳ ትበጻጽሕ እሞ ትምረቕን ካብ ኣዴታታ ድማ ዝተፈላለየ ህያባት(ክሸር) ትቕበልን። ገለ ሳምንታት ምስ ተረፎ ድማ ምስ መሓዝኣ(መቀላ) ኰይና ሽቶ፡ ስልማት፡ ክዳውንቲ... ትገዛዝእ።[11]

*መ. ስምዶ*

እዚ ያታዊ ሥርዓት እዚ መርዓ ሣልሰቲ ክተርፎ ከሎ ዝፍጸም ሥርዓት እዩ። ኣብ ወጋሕታ (ደርሆ ነቆ) ኣዴታት ነቒሐን ዕልል ምስ በላ ብኸበሮ ጓይላ ይጻወታ። ነቲ ሕጹይ ድማ ኣብ ማእከል ኣብ መንበር (ቂጦራ) ኮፍ የብላኦ። ኣብ ጐድኑ ከኣ ኃውቱ ኮፍ የብላ። ናይ ዝኾነት ሔማ ነጸላ ወሲደን ብኣኡ ይኸድናኦ። ሽዕኡ ኣቡኡ ሴፍ የትሕዞ። ሓንቲ ሔማ ድማ ኣንባር ኢድ (በኺራ) ኣብ ኢዱ ትገብረሉ፡ 'ፈከት' እትበሃል ዕንቍ ብፈትሊ ኣብ ኢዱ ትኣስረሉ፡ ኣብ ክሳዱ ድማ ሶሚት ትወድየሉ። ገሊኦም ድማ ኣብ እዝኖም ተላል ዝገብሩ እንተ ኾይኖም ተላል ይገብሩ። ድኅሪ ስምዶ እቲ ሕጹይ በይኑ ኣይንቀሳቐስን፡ ክሳብ ዕለተ መርዓ ሓደ ንእሽቶ ቖልዓ ከሰንዮ ኣለዎ።

ብወገን እንዳ ጓል'ውን እቲ ሥርዓት ናይ ስምዶ ኣብ ሓደ ህሞት ምስቲ ናይ ወዲ እዩ ዝፍጸም። ኣዴታት ነታ ሕጽይቲ ኣብ ተንከበት ኮፍ የብልኣ። ብሓደ ጐና ንእሽቶ ኃዋ ብሓደ ጐና ድማ ንእሽቶ ኃውታ እንተ ዘይብላ ድማ ነታ መሓዝኣ (መቀላ) ኮፍ የብልኣ። ሽዑ ነጸላ ሔማ ብኣርባዕተ መኣዝናት ሒዘን ኣብ ርእሲኣ ኮይነን ሸውዓተ ጊዜ ዕልል ይብላላ'ሞ ብእኡ ድማ ይኸድንኣ። ኣብኡ ተቐሚጣ ከላ ነቲ ኣብ ተንከበት ዘሎ ስልማታ

ይስልምኣ። ድኅሪ'ዚ ብኣዴታታ ትምረኽ። ሽዑ ነተን ዕልል ዝበላ ኣደታት ብኡ ንብኡ ገዓትን ቡንን ይቕረበለን። ድኅሪኡ ክድቅስ ዝደሊ ይድቅስ ዘዋግዕ ድማ እናዋገዐ መሬት የውግሕ። በዚኸስ ሥርዓት ስምዶ ይፍጸም።[12] መብዛሕትኡ ጊዜ ስምዶ ናብ ቀዳም ዘውግሕ ንግሆ እዩ ዝፍጸም። ኣብ ክርስትያን መርዑት ሰንበት ንግሆ ቃል ኪዳን ይኣስሩ፣ ሰኑይ ድማ መዓልቲ መርዓ ይኸውን። ኣብ ኣመንቲ እስልምና ግና መርዑት ቃል ኪዳን (ዓቅድ) ኣብ መዓልቲ መርዓ ኣብ ዳስ ይኣስሩ።

## መዓልቲ መርዓ

### መ.1 "ፈርወንተር" ኣብ እንዳ ጓል

እዚ "ፈርወንተር" ዝበሃል ከምቲ ኣብ ከበሳ 'ኮንዲ' ተባሂሉ ዝፍለጥ ሥርዓት ዝመሳሰል እዩ። ኣብ ድሮ ዕለተ መርዓ ኣብ እንዳ ጓል ኣዝማድን ጎረባብትን ዕዱማትን...ወዘተ ከከም ዓቕሞም ዝተሰለመ ንእሽቶ ተንከበት (ቅልወት)፣ ለቖታ እኽሊ፣ ሓሪጭ፣ ጠስሚ፣ ጥረ ገንዘብ... ሒዞም ዝመጹላን ዝምርቑላን ምሸት እያ። ኩሉ ዕዱም ምስ ተደረ ኣወዳትን ኣዋልድን ጓይላ ተኺሎም ክሳብ ከባቢ ሰዓት 5.00 ወጋሕታ ደወል ክሳብ ዝድወል ይጻወቱ። "ሱር በናና ሱር በናና፣ ኩኣባይ ፈርኒ ጊረማና" እናበሉ ይጻወቱ። ገለ ካብ'ቲ ሽዕኡ ዝጻወትዎ ጸወታታት ስስዒት፣ ጎልየ፣ ወሰምብያ፣ ጨፈራ..የጠቓልል። ሽማግለታት ሰብኡት ኣብ ዳስ ኮይኖም ነቦ መርዓትን እንዳ ኣቦን እንዳ እኖን ኣዝማድን ኣውሎ ክብሉ ይሓድሩ። እቶም ኣውሎ ዝበሃሎም ድማ ገሊኦም ሜስ (ጀን ማሲኾ) ገለ ድማ ድቤላ... የወፍዩ። እቲ ዝተወፈየ ድቤላ ካብ'ቲ ዘለዎ ቦታ ካብ ቊሸት ይኹን ወላ ካብ ርሑቕ ዓዲ የምጽእዎ'ሞ ሽዑ ንሽዑ ተሓሪዱ ተጠጢቑ ወይ ተቐልዩ ይብላዕ።

ኣዴታት ብወገን ኮይነን ብሽሊልን ከበሮን ክጻወታን ክስዕስዓን ይሓድራ። መሬት ምስ ወግሐ ኣዴታት ነታ መርዓት ክሽልምኣን ክዳውንታ ክልብሳኣን ካብ መሓዙታ ይወሰድኣ፣ ንሳ ግን ምፍላይ ትኣቢ። ወራድ መርዓ ምስ መጹ ግን እና በኸየት ይወሰድኣ። መሓዙታ'ውን ምስኣ ይበኽያ።

### መ.2. ምውፋር መርዓ

ወራድ መርዓ ክወፍሩ ብነጋሪት ምልክት ምስ ተዋህበ፣ ወፋራይ ኩሉ ኣብ ሓንቲ ብሠለስተ ዕንጸይቲ ተሰሪሓ ብተንከበት ዝተሸፈነት ንእሽቶ ኣጉዶ ትመስል ሰዋ መሚዒኻም ቡጭ ይብሉላ። ሽዑ ኣግማሎምን ኣባቕሎምን ሒዞም እናደበሉን እናጨፈሩን ኣደታት ከኣ ብዕልልታ የፋንዋኦም።[13] ወዲ ወሰዶ እንተለዉ ናብ መርዓ ኣይወፍርን፣ ብሕይወቶም ዘየለዉ እንተኾይኖም ግና ወፈሩ ይውዕል። መርዓ ምስ ወፈረ ኣዴታት ኣማኅት(ኢማሮራ) ብወርወር (ርቻይ) ናይ ጋባ ጌረን የዳልዋ፣ ክይከደንኣ ይጸንሓ'ሞ ቡቲ ምስ መርዓት ዝመጽእ ተንከበት ይኸድናኦ። ወራዲ መርዓ ኣብ እንዳጓል ምስ በጽሑ ተጠንቂቖም ይዳለዉ፣ ማለት ጽቡቕ ዝድብሉ መሪጾም ከምኡ'ውን ጽቡቕ ዝኸርሩ(ሆርያ ዝመርሑ) ኣማእኪሎም ኣታኣታትዋኦም ዝሰሕብን ዝምስጥን ጌሮም ብደበላን ጨፈራን "ሸቦ...ይበላሓል ሸቦ..." እናበሉ ይኣትው። እንዳጓል ድማ ሰብኡት ብሓደ ወገን ኣንስቲ ድማ ቡቲ ሓደ ወገን ብኸበሮን ዕልልታን ይቕበልዎም። ደቢሎም ምስ ወድኡ ናብ ዳስ የእትውዎም። ኣግማሎምን ኣባቕሎምን ተቐቢሎም ሳዕርን ጉርድን ይቕርቡለን።[14]

መንእሰያት ኣዋልድን ኣወዳትን ግና ጓይላ ይተኽሉ፣ ሽዑ ኣብ እንዳ ጓል ዝርከባ ኣዋልድ ንእንዳ ወዲ ቅድሚ መርዓ ዘቐይም ነገራት ፈጺሞም እንተ ነይሮም ብሽምጠጣን ብግህዶን ደርፊ እና ኣውጸኣ ይጸርፋኦም። እቶም እንዳ ወዲ ድማ ኣዕጋቢ ዝበልዎ ምላሽ ይህቡ። ጐድለት ዘይብሎም ሰብ ጽቡቕ ግብሪ እንተኾኑ ግን ይንእዳኦምን ይውድሳኦምን። እንዳ ወዲ ድማ ብወገኖም ንናእዳ ብናእዳ ይምልስዎ። እዚ ማለት ድማ ኣብ ብሒረ

ብሊን ብዘይ ምኽንያት ጸርፌ ክም ዘይዝውተር የርእየና። እቲ ዝጸወትዎ ዓይነት ጸወታ ድማ "ኣለለዎ" ይበሃል(ገርበሻ ገጽ 68 ረአ)። መንእሰይ ምስ ጓበይቲ ክምሳሕ ኣብ ዳስ ከቶ ኣይቅልቀልን እዩ።

ኮቲ ኣብ ዳስ ዘሎ መርዓ ድማ ካብ እንዳጓል ሰለስተ ሽማግለታት ኣትዮም እንቋዕ ደሓን መጸእኩም ኢሎም ሰላምታ ድሕሪ ምልውዋጥ፣ ሰዋ ዝቐድሓሎም ጥራይ እንዳ ጓል መዚዞም ገዲፎሞም ይወጹ። ቀደም ዘመን ሽውዓት መኣዲ ገንት ይቕረበሎም ነይሩ፣ ነታ ሻውዓይቲ ግና ናይ ሒማ ኢሎም ይመልስዋ። ሺሻዮም ምስ በልዑ ድማ እንዳ ጓል ክኸዱ ናብ ዳስ ይጽምበርዎም። ሽዑ ብታቦትን መስጊድን ጀሚሮም ነቦ መርዓዊ ይኸዱ፣ ቀጺሎም ንእዳቡኡን እንዳንደኡን ይኸዱ። ኣቦ መርዓዊ ሽዑ መዓልቲ ማዕረ እቲ ቀድሚ መርዓ ናብ እንዳጓል ከመላለስ ከሎ ዘጥፈአ ወይ'ውን ልዕሊኡ ይኸደን። እቶም ዝኸዱ ድማ ጽቡቕ ንዝገበረሎም ሰብውን ይኸዱ፣ እቲ ዝኸድን ኣብ ኢዱ ሃቡለይ እንተዘይ ኢሉ ኣታዊ ኹሉ ናብ እንዳ ወዲ እዩ ዝኣቱ። ኣብ ዳስ ኣዴታት'ውን ኮቲ ዝኸድናኦ ዝቕበሉን ኣቕሑት ዝጸዓዕኑን ይምዝዙ። ተመሳጊኖምን ተወዳዲሶምን ምስ ወድኡ ካብ መንእሰያት ወይ ካብ ኣዕሩኽ ሓደ፣ ኣንባር ናይ ኢድ(በኺራ) ምስ ነጸላ መርዓዊ ኣብ 'ዋሊካ' ገይሩ ካብ ዳስ እናጐየየ ናብቲ መርዓት ዘላቶ ገዛ እናበጽሐ ሠለስተ ጊዜ ይመላለስ። ኣብ ዳስ ዘለው ከኣ "ሰናይ መዓልቲ ይግበረልና" እናበሉ ይምርቑ። ኣዴታት ከኣ ኣብ ርእሲ እቲ ነጸላ 'ድግሮርየትን' ክራርን(መጋርጃን) የንብራሉ። ኣብ መወዳእታ ነጸላ መርዓዊ ይገድፉለን፣ ብኡኡ ድማ ኣብ ርእሲ'ቲ ነጸላኦ ይሽፍንኦ። ኣጉባዝ መርዓቶምን ኣቕሑቶምን ጽዒኖም ሽቦ እናበሉ ይብገሱ። እቶም ኣብ ዳስ ዘለው ድማ ይጽንበርዎም፣ እሞ "ሽቦ ይበላሓል ሽቦ..." እናበሉ ንዓዶም ይብገሱ።[15] ሽዑ ኣዋልድ ደቂ ዓዳ ንመርዓት "ኣጃ ሰጊና ይሻኒ ኒረድ አሪና" ትርጉሙ ኸኣ "ደሓን ኩኒ ሓውትና ጸዕዳ ይጽናሕኪ"። ከምኡ'ውን "ብርፍ ስኒኹንኪ ላውድ ማርያም ከሰብርድንኩት ንላድውድ"። ትርጉሙ ኸኣ "ጸጽቡቑን ሰሰናዩን ንምነየልኪ፣ ማርያም ባዕላ ትሓሉኺ"[16] ኢለን እናደረፋ የፋንዋኣ።

መርዓት ሒዛቶ ትኣቱ ባህላዊ ኣቕሑት ገለ ንምጥቃስ፡-

1. ሾውዓተ ጸዕዳ ተንከበት(መስርሒ ኣግነት ዘገልግል)
2. ሓደ ዓቢይ ሕብራዊ ተንከበት ኣብ ዙርያ ዓራት መርዑት ዝኸውን(ሒጋግ)
3. ዝተሰላለመ ተንከበታት (ቅለውːመጀሬብብ)። ግዳፍ፣ ኣብ ምድሪ ቤት ጠልጠል ዝብል ሕብራዊ ተንከበት።
4. ሓደ መጋረጃ(ሕርበት)ːመቃል። ታኩን ማር። መተርኣስ መርዓት ካብ ቆርበት ዝስራሕ።
5. ቶፋ፣ ጎትድ ዓቢን ንእሽቶን፣ ሓደ ኩሮ(ኩንኳ፣ ሕንጫ፣ ጅእሰና)
6. ክልተ ሒላብ ዓብን ንእሽቶን(ግፋት)። ገባተትːመትሓዚ ልኻይ ናይ መርዓት'ዩ
7. እንድባ፣ ሓደ መቐመጢ ስልማት ዘገልግል ብቖርበት (ወይ ብስፊ) ዝተሰርሐ
8. ክልተ ዓበይቲ ለቓቱ ነፍስ ወከፉ ዳርጋ ኩንታል ዝሕዝ(ሽግርባት፣ ሕብሳት(ግፊት)ːጥሙራ)፣ መጽዓን። ክሸር ማር፣ መወልወሊ ናይ ኢድ እዩ፣ መርዓት ነዚኣ ሒዛ እንተዘይኣተወት ኣዕሩኽ ይኸሱ'ሞ ኣቦኣ ኣርሒ ይኸሕስ።
9. ጅኽሬና፣ እዚኣ ብስፊ ዝተሰርሐት ክይና መትሓዚ ጸጉሪ(ደገል)ናይ መርዓት እያ። ናብ ኣዲኣ ክሳዕ ትምለስ ኣይትጉሕፎን'ያ፣ ኣዲኣ ተቐቢላ ሽንፋእን ቡቕልን ሓዊሳ ኣብ ሱር ጋባ ትደፍኣ።[17]

## መ.3. መርዓት ኣብ እንዳ ወዲ

ወራድ መርዓ መርዓቶም ሒዞም ብደበላን ጨፈራን ዓዶም ኪኣትው ከለው፣ ኣዴታት ኣብ ቀድሚ ኣግነት(ኢጣሮራ) ኮይነን "ገዶና ገድማ ኣተዮና" እናበላ

ብዕልልታ ይቕበላአም። ሽዑ ንመርዓት ትቕብል ኣቢሉም ናብ ገዛ ሔማ የእትውዋ። ኣብኡ ቁሩብ ምስ ኣዕረፈት፣ ደበላን ጨፈራን ድማ ዝግ ምስ በለ ኣዕሩኽ ከይዶም የምጽእዋ፣ ኣብ ቅድሚ ኣግነት(ኢማሮራ) በጥ የብልዋ ሽዑ '*ጠጠይስና*'' ዝበሃል ስርዓት ይፍጸመላ። መርዓዊ ድማ ኣብ መንበር ኮፍ ኢሉ ሓደ ሽማግለ ካብ መርዓውን መርዓትን ጸጉሪ ቍርጽ ቍርጽ ኣቢሉ ወሲዱ ናይ ክልቲኦም ጸጕሪ ኣብ ቡቕሊ የእትዎ። ካብ ኣዕሩኹ ሓደ ድማ ኣብ ሱር ናይ ጋባ ከይዱ ይደፍኦ። እዚ ሥርዓት'ዚ "ዓሸልሰና" ይበሃል። እዚ ሥርዓት'ዚ ብሓንሳእ ብስምረትን ብፍቕርን ንበሩን ፈረይቲ'ውን ኩኑ ዝብል ምርቓ እዩ ዘመልክት። ንመርዓት ኣልዒሎም ኣብ ዓራታ የንብርዋ። መርዓዊ ድማ ክልተ ጣሳ ረጊጹ ሰቢሩ ይኣቱ። እዚ ምስባር ጣሳ ካብቲ ጨረሱ ዝተረፈ ያታዊ ሥርዓት ሓደ እዩ። ኣብ ኣግነት(ኢማሮራ) ሓንሳብ ኮፍ ኢሉ ጸኒሑ ድማ ክምረቕ ኣዕሩኹ ሒዞም ናብ ዳስ ይመጹ። ክምረቕ ከሎ ድማ ነጸላኡ ተጎልቢቡ እዩ ክምረቕን ህያባት(ከሸራ) ክቕበልን ዘምሲ። መርዓዊ ካብ ጊዜ መርዓ ጀሚሩ ክሳዕ ሲፉ ዘውርድ ኣብ ካልእ ኣይሓድርን። ምሸት ከኣ ከዋኽብቲ ክርኢ የብሉን እሞ ኣብ ዝወዓለ ውዒሉ ብእዋኑ ናብ መርዓቱ ክምለስ ኣሎዎ ይብሃል ነይሩ።[18] ክምቲ ኣብ ላዕሊ ዝረኣናዮ ናይ ዓል ፈርወንተር ብድሮ መርዓ ክኸውን ከሎ ኣብ እንዳ ወዲ ግና ኣብ መዓልቲ መርዓ ንምሸቱ እዩ ዝፍጸም። ዝተረፈ ከምቲ ናይ እንዳ ዓል እዩ። መንእሰያት ክጻወቱ ምስ እምሰዩ ኣዕሩኽ ንመርዓዊ ናብቲ ቦታ ጸወታ የምጽእዎ። ከምዚ እናበሉ ድማ ይደርፉሉ። "ኣከ ጃር እዎሉ ወላዲራ፣ ደሃብሲ ሰርገይሶ መርዓዊራ" ትርጉሙ ድማ "እዝጊ ሂብዎ ወላዲ ወርቂ ተሰሊሙ መርዓዊ" ማለት እዩ። ከምዚ ኢሎም እናተጻወቱ ክለዉን እናኸደንዎን ከለዉ መርዓት ንብሕታ ወይ ምስ ገለ ውሑዳት ዘዘናግዕዋ ተሪፋ፣ ኣሕዋታን ስድርኣን ደቂ ዓዳን ዘኪራ ትደፋነቕን ትበኽን። መርዓት ብሊን ካብ ኣግኻታ ተንከስ ኢላ ክትወጽእ ኣይፍቀደላን እዩ። ቕድሚ መርዓኣ ጀሚራ ክሳ ባዕላ ካብ ማይን መግብን ትሕረም።[19]

## ግዜ ዕርክነት

ኣብ ግዜ ዕርክነት መርዓውን መርዓትን ከም ንጉሥን ንግሥትን እቶም ኣዕሩኽ ድማ ከም ዓሳኽር ኮይኖም ንትሽዓተ መዓልታት ሳሕቲ'ውን ንክልተ ትሽዓተ ብዕርክነት ይጸንሑ። እና ተጻወቱን እናተጫረቑን ብዝተፈላለየ ዓይነት ጸወታ ንመርዑት የዘናግዕዎም። ኣዕሩኽ ክሳዕ ፋሕ ዝብሉ ቤተሰብ መርዓዊ ከከም ዓቕሞም የምስሑን የድርሩን። ኣዕሩኽ ካብቲ ዓዲ ገለ ዝኾነ ህያብ ምስ ዝቕበሉ ሓው ኢሎም ብስሙ እናጸውዑ "ዝሃበ እዝጊ ይሃቦ" እናበሉ የመስግንዎ። እዞም ኣዕሩኽ ነናቶም ፍሉይ መዝነትን መጸውዕን ኣለዎም። *ኣፈ ንጉሥ፣ *ምቕማጥ(ፈራዲራ)ቀንዲ ዓርኪ መርዓ ዊ፣*ዙፋን ቤት ጥረ ገንዘብ ፡ ኣቕሑ ውሻጠ ዝቆጻጸር፣ ናብ መርዓት ብዘይፍቓዱ ክሕለፍ ኣይከኣልን፣ ንመርዓ ትን መርዓውን ዝከናኸን ምስ መጋባይ ፍሉይ ርክብ ዘለዎ እዩ። *ኮራብንጃሪራ ሕጊ ንዘፍረሰ ኣሲሩ ብገነተኣዘዞ መሰረት ዝቕጽዕ፣ ክንደይ፣ ከመይ ገይሩ ክቕጽዕ ከምዘለዎ ንፈራዲ ይውክስ። *ኣዋጃይ ዝኾነ ኣዋጅ ናብ ዓሳኽር ዘመሕላልፍ፣ ዝእክቦም። *ደንዳናይ ሰዋ ዝሓዘ ዕትሮን ገዓትን ተሰኪሙ ዝቕርብ። *ቂልዓይ ዝኾነ ክኣቱን ክወጽእን ከሎ መጋረጃ (ሕርበት)ዝኸፍት። *ኣብካቶራ ጠበቓ ናይ ኣዕሩኽ፣ ክቕጽዑ ከለዉ ደው ኢሉ ይሰዘቦም፣ ኮራብንጀሪ ጉድለት እንተፈጺሙ ድማ ይኸስስ'ሞ እቲ ክቕጽዕ ዝወዓለ ተኣሲሩ ይቕጸዕ። *ኣለላ ሻካኾ ኣስርከት ዝበሃል ባህላዊ ሳእንን ስምናን ዝዕድል እዩ። *ኣመሓዳሪራ ዓበይቲ ሰባት ወይ ኣጋይሽ ክመጹ ከለዉ ናእሽቱ ከይጋገዩ ንዓበይቲ ብባህሊ መርዑትን ግቡእን ዝቕበል። *መጋባይ እዚ ምስ ዙፋን ቤት ርክብን ስምምዕን ዘለዎ ኮይኑ ንኣመጋግባ ኣዕሩኽ ዝሓልን፣ ቅድሚ ፋሕ

ምባሉ'ም ዘላ ዓርቢ ድማ መግቢ ክይወስዱ ንኣዕሩኽ ዝቆጻጸርን እዩ። ብዘይካ ናይ ኣዕሩኽ ናይ ሰዋ ዕትሮ፣ ምግቢ ኣይቅረበሎምን። በዚ መዓልት'ዚ ኣዕሩኽ ብምሉኦም ንመስርሒ ዓራት (እርጉ)ዘገልግል ዕንጸይቲ ይወፍሩ።[20] ወፈሮም ምስ ወዓሉ ምሸት ሳምና ይዕደሉ፣ እተን ክሰርሓ ዝወዓላ ኣዴታት'ውን ይዕደላ። ንጽባሒቱ ድማ ዘሎ ከዓውንቲ ኣኪቦም ንሩባ(ማሕጸቢት) ይወርዱ'ሞ ናይ መርዓትን መርዓውን ኣዕሩኽን ይሓጽቡ። ንመርዓዊ ድማ በቲ ምስ መርዓት ዝመጸ ጓንድ ሸውዓተ ግዜ ይሓጽብዎ እሞ ክጻወቱ ይውዕሉ። መርዓዊ ድንግልና መርዓቱ ብኸልተ መንገዲ ክገልጽ ይኽእል፣ ድንግል እንተኾይና ንገዛ ክምለሱ ከለዉ እናደበለ ይኣቱ፣ ድንግል እንተዘይኮነት ግና ከይደበለ ይኣቱ።[21] ወይ ከኣ ኣብ ቅድሚ ኣግነት ሲፉ ሠለስተ ግዜ ብምዝላል ድንግልናኣ ይገልጽ። ንምሽቱ ናይ መመረቕታ ገዓት በሊዖም ድማ ኣዕሩኽ ብዘይካ ዓርኪ ርእሲ ኩሎም ነንገዛእም ይኸዱ። ዓርኪ ርእሲ ነርብዓ መዓልቲ ድማ ካብ ጐድኑ ኣይፍለዮን።[22]

## ሽኪ

ሽኪ ዝበሃል ሥርዓት እታ ቀንዲ መሓዛ መርዓት(መቀላ) ወይ'ውን ካልእ ድሕሪ ሸውዓተ ወይ ዓሰርተ መዓልታት ንመርዓት ክትርኢ ትኸይድ። ከምኡ'ውን ድሕሪ'ዚ ኣብ ሰሙን ሰሙን በብኽልተ ወይ በብሰለስተ፣ ካብዚ ንላዕሊውን ክበዝሓ ይኽእላ ንኣስታት ሓደ ወርሒ ካብ ኣዲኣ ሃንዛ ሒዘን ናብ መርዓት ይበጽሓ። እዚኣን ድማ ቀንዲ ዕላምኣን ንመርዓት ንምዝንጋዕን ከመይ ከም ዘላ ንምርኣይን ኩነታት ኣተሓሕዝኣ ንምዕዛብን እዩ። ከምዚ ኢለን እናተመላለሳ ከስ ንመርዓት ካብ ጽምዋን ናፍቖትን የገላግልኣ።

## ምልሶት

ምልሶት ዝበሃል ከምቲ እዚ ቃል ዝሕብሮ ዘሎ መርዓት ድሕሪ ኣስታት ሠለስተ ወርሒ ናብ ስድራኣ እትምለሰሉ እዩ። ዓርኪ ወይ ከኣ ሓዋ ኣብ በቕሊ ወይ ኣብ ገመል ጽዒኖም ይወስድዋ። ናፍቖት ስለ ዝነበራ ከኣ ኣዝያ ትሕጎስ። ስድራኣ ድማ ጓሎም ምስ መጸት ንሕጽኖት ዝኸውን ጥሽ የውፍሩ፣ ወይ ከኣ ኣዕሩኽ የምጽኡላ። ከምዚ ኢላ ንሓደ ወርሒ ድማ ትሕጸንን ጥሽ ትበውእን። መስቀል ምስ በረቐ ከኣ ናብ እንዳ ሰብኣያ ትምለስ።

## ባልሶት

ኣብ ብሔረ ብሊን ባልሶት ዝበሃል ንመርዓት ሓደ ኣብ ርእሳ ዝግበር 'ንፍሓራ' ዝበሃል ስልማት ዝገብራላ ሥርዓት እዩ። ካብ እንዳ ሰብኣያ ክልተ ወይ ሠለስተ ኣዴታት 'ንፍሓራ'፣ 'ግሬጥ' ሒዘን መጼአን ይቘንንኣ'ሞ ኣብ ርእሳ(ንፍሓራ ኣብ መንበስበስትኣ)ኑቲ ግሬጥ ድማ ብዳሕረዋይ ወገን ርእሳ ይገብራላ። ካብዚ ንደሓር ማዕረ ኣዴታታ ኮይና ማለት እዩ። ኣደ መርዓት ከስ ጐረባብታን ንዕልታታን ጸዊዓ ዕልል እናበላ ገዓት ይበልዓ። ባልሶት ከስ በዚ ይፍጸም።

መርዓት ናብ እንዳ ሰብኣያ ክትምለስ ከላ ካብ ኣዲኣ ሐሪጭ፣ ጠስሚ፣ ቀ'ራዕ፣ ሞኽስ፣ ጭንዓበት(ኣብ መ'ነጎ ምድሪቤትን ውሻጠን ከም መጋረጃ ዘገልግል፣ ቶፋ፣ ጓንድ፣ ሰፍኢ...ከም ዓቕማ ሒዛ ትኣቱ። ንገለ ቁሩብ እዋናት ምስ ሓማታ ኮይና ሓዳራ ክትገብር ትቕኒ። ብድሕሪኡ ሓማታ መረቓ ሓዳራ ተውጽኣ።

ሰብኣያ ከኣ ንገለ ዓመታት ምስ ኣቡኡ ኮይኑ ክሰርሕን ክሓርስን ይጸንሕ። ኣብ'ዚ ጊዜ'ዚ ሓደ ሲሶ ናይ'ቲ ዝሰርሖ ይምቀል። ሓዳሩ ክወጽእ ምስ ሐተተ ከኣ ኣቡኡ መረቑ ካብ'ቲ ዘለዎ ጥሪት ዝግበኦ ይመቕሎ'ሞ ሓዳሩ ይወጽእ። ካብ'ዚ ንደሓር ከም ሰብኣይን ሰበይትን ኮይኖም ርእሶም ክኢሎም ይናበሩ።[23]

## መደምደምታ

ያታዊ መርዓ ብሔረ ብሊን ከስ በዚ ዝረአናዮ ኣገባብ ይፍጸም ነይሩ። ካብዚ ዝጠቐስኩዎ ወጻኢ ዝዝውተር ዝነበረ ያታዊ ሥርዓታት ከምዝነበረ ዘየጠራጥር

እዩ፣ ገለ ያታዊ ሥርዓታት ዓበይቲ ሰባት ተወኪሶካ'ውን ሓቀይና ትርጉሙን ሥርዓቱን ከመይ ምኺኑ ኣዕጋቢ ምላሽ ክትረኽበሉ የጸግመካ። እዚ ከኣ እቲ ጥንታዊ ያታ ብሊን ኣብ ጽሑፍ ከምቲ ዝድለ ሰለዘይሰፈረ እዩ ዝብል ርእቶ ኣለኒ። ስለ'ዚ እዚ ቐረቡ ዘሎ ጽሑፍ ካብ ዝረኸብኩዎ ጽሑፋትን ዓበይቲ ተወኪሰን ዘቕረብኩዎ እዩ። ግዱሳት ያታ ብሊን ነቲ ዘይጠፍአ ዘሎ ክንቕርዖን ነቲ ሃሲሱን ተረሲዑን ዘሎ ድማ ክይተሓለሉ ሃሰስ ክብሉ እላቦ።

ኃው የማነ ኃይሉ


ምንጪ ጽሑፈይ

1- *ብዛዕባ ቋንቋን ባህልን ብሊን ዝምልከት ሰሚናር ክፍሊ ፩፣* ኣስመራ 21 ሰነ1986።

2- *ብዛዕባ ኣብ ሰሜን ኢትዮጵያ ዝርከቡ ጉድኣት ዘሰዕቡ ባህላታትን እምነታትን እተገብረ ብሔራዊ ዘተ፡*ኣስመራ 4-5 ታሕሳስ 1982።

3- *ገርበሻ፣ ብሊና ጋብዲ ዓዋዲዲ፡*1997።

4- *መጽሔት ትምጻእ መንግሥትኪ፣ ቁጽሪ* 64፣The role of a woman in blin tradition.

5- *ደሀይ ገባይላኹ፡ ስታት ዓዋዲሩኹ፣* ክኻን ብሊናኹ 2003።

6-ኣቶ ኪዳነ ጀንጀር፣ ኣቶ ተወልደ ኤማን፡ ኣቶ ኪዳን ኣድሓና፡ ኣቶ ተወልደ ኣቢብ፡ወ/ሮ ክብርቲ ሓጎስ፡ ኣቶ መብራህቱ ምናድር፡ ካልኦት ግዱሳት ያታ ብሊንንእ።


[1].ጳውሎስ ዘርእእማርያም፣ ብዛዕባ ቋንቋን ባህልን ብሊን ዝምልከት ሰሚናር ክፍሊ ፩፣ መሲጋገሪ ስርዓታት፣ ገጽ 4

[2] .Ibid. ገጽ፣ 5።

[3] . Ibid. ገጽ፣ 6።

[4] .ኃው ኣማኑኤል ሻከር፣ መ.ት.መ. መንግስትኪ፣ ቁጽሪ 64፣ The role of a woman in Blin tradition p. 75.

[5] .ወልደማርያም እክት፣ ብዛዕባ እብ ሰሜን ኢትዮጵያ ዚርከቡ ጉድኣት ዘሰዕቡ ባህላታትን እምነታትን እተገብረ ብሔራዊ ዘተ፣ ኣስመራ ታሕሳስ 1982፣ ገጽ 3።

[6] .Ibid. ገጽ 3።

[7] ጳውሎስ ዘእማርያም፡ብዛዕባ ቋንቋን ....ክፍሊ ፩፣ ገጽ 10።

[8] -ኃው ኣማኑኤል ሻከር፣ መ.ት.መ፣ ቑጽሪ 64፣ The role of ... ገጽ 76። -ደሀይ ገባይላኹ ብሊንድ፣ ስታት ዓዋዲሩኹ 2003።

[9] - ጳውሎስ ዘርእማርያም፡ብዛዕባ ቜንቜን ባህልን... ክፍሊ ፩፣ ገጽ 10።

[10] - ገርበሻ፣ ብሊና ጋብዲ ዓዋዲዲ፣ ኣስመራ 1997 ገጽ 52። -ደሀይ ገባይላኹ ብሊንድ (ድ.ሓ.ኤ.)፣ ስታት ዓዋዲሩኹ፡ክኻን ብሊናኹ 2003።

[11] -ደሀይ ገባይላኹ ብሊንድ(ድ.ሓ.ኤ)፣ ስታት ዓዋዲሩኹ፡ክኻን ብሊናኹ 2003። ወ/ማርያም እክት፣ ብዛዕባ ቋንቋን...ክፍለ ፩፣ ገጽ 23።

[12] -ደሀይ ገባይላኹ ብሊንድ (ድ.ሓ.ኤ)፣ ስታት ዓዋዲሩኹ፡ክኻን ብሊናኹ 2003።

[13] Ibid .

[14] -ገርበሻ፣ ብሊና ጋብዲ ዓዋዲዲ፣ ኣስመራ 1997፣ ገጽ 59።

[15] -ደሀይ ገባይላኹ ብሊንድ (ድ.ሓ.ኤ)፣ ስታት ዓዋዲሩኹ፡ክኻን ብሊናኹ 2003።

[16] -ኃው ኣማኑኤል ሻከር፣ መጽሔት ትምጻእ መንግሥትከ፣ ቑጽሪ 64፣ The role of ....ገጽ 78።

[17] -ው/ሮ ክብርቲ ሓጎስ፣ 8/08/2003።

[18] -ደሀይ ገባይላኹ ብሊንድ(ድ.ሓ.ኤ)፣ ስታት ዓዋዲሩኹ፡ክኻን ብሊናኹ 2003።

[19] ገርበሻ፣ ብልሊና ጋብዲ ዓዋዲዲ ኣስመራ 1997፣ ገጽ 61።

[20] ቃለ መጠይቕ ምስ ኣቶ ተወልደ ኣቢብ 6-12-2003።

[21] ኃው ኣማኑኤል ሻከር፣ መጽሔት ትምጻእ መንግሥትከ፣ ቑጽሪ 64፣ The role of ....ገጽ 74።

[22] --ደሀይ ገባይላኹ ብሊንድ(ድ.ሓ.ኤ)፣ ስታት ዓዋዲሩኹ፣ ክኻን ብሊናኹ 2003።

[23] ገርበሻ፣ ብሊና ጋብዲ ዓዋዲዲ፣ ኣስመራ 1997፣ ገጽ 68።



Scanned pdf.doc. By Blin Language Forum, daberi.org, 2012